# ዳግማይ ስደት ናብ ሱዳን

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
14.12.2009

እቶም ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ብስምምዕ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳንን ስርዓት ኢሳያስን ናብ ሃገሮም ክጣየሱ ዝተመልሱ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ እንደገና ብብዝሕ ዝበለ ቍጽሪ ናብ ሱዳን ክስደዱ ይርኣዩ ኣለዉ። ጠንቂ ናይ ዳግማይ ስደቶም ድማ፡ ድርቅን ጥሜትን ሕማቕ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ሃለዋት ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ።

እዞም ንናጽነት ሃገሮም ንዓመታት ብተስፋ ክጽበዩን ምእንቲ ናጽነት ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈሉን ስደተኛታት እዚኣቶም፣ ናጽነት ኤርትራ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ደሮናኦም ነጊፎም፡ ኣዒንቶም ሓቢሶም ኢዮም ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገሮም ግዴኦም ከበርክቱ ናብ ኤርትራ ዝተመልሱ። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ኢሳያስ ንእግሪ መትከሊ ዝኸውን ሓገዝ ውን ኣይገበረሎምን። እቲ ንመጣየሲኦም ተባሂሉ ብላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝተመደበ ገንዘብ፡ ከየባኸንዎ ብዝብል ምስምስ ኣብ ካዝናታት ናይ'ቲ ስርዓት ኢዩ ኣትዩ። እዚ ጥራሕ ከይኣክል፡ ስርዓት ኣስመራ፡ ነዞም ስደተኛታት ኣብ'ቲ ንሶም ዝመረጽዎ ቦታታት ዘይኰነስ፣ ኣብ'ቲ ንሱ ዝመረጸሎም፡ ትምህርታውን ሕክምናውን ካልእ ኣገልግሎታትን ዘይረኽብሉ ቦታታት ኢዩ ኣጣይስዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ካብ'ቲ ኣብ ስደት ዘሕልፍዎ ዝነበሩ፡ ዝኸፍአ መነባብሮ ከሕልፉ ተገዲዶም። እቲ ንዓመታት ዝሓለምዎ ሕልሚ፡ ከም ትኪ በኒኑ ተሪፉ። እቶም ህጻናትን መንእሰያትን፡ እታ ኣብ መደበራት ስደተኛታትን ኣብ ከተማታት ሱዳንን ዝረኽብዋ ዝነበሩ ትምህርቲ ውን ክረኽብዋ ኣይከኣሉን። ብኣንጻሩ፡ ካብ ወለዶም እናተመንዝዑ ናብ'ቲ ደሞዝን ደረትን ዘይብሉ ናይ ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ክጓረቱ ኢዮም ተራእዮም። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ካብ ሱዳን ንሃገሮም ክምለሱ እንከለዉ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ን2 ዓመታት ናጻ ኢኹም ተባሂሎም ከብቅዑ፡ ከይወዓሉ ከይሓድሩ መብጽዓኦም ተጠሊሞም ናብ መደበራት ታዕሊም ክጓረቱ ምጅማሮም ኢዩ።

ሕጂ ድማ፡ ብሰሪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝዝንቢ ዘሎ ድርቅን ጥሜትን፡ ከምኡ ውን ብሰንኪ ሕማቕ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ሃለዋት፡ እቶም ሓንሳብ ንሓዋሩ ኣብ ሃገሮም ክጣየሱ ተመሊሶም ዝነበሩ ስደተኛታት ብብርክት ዝበለ ቍጽሪ ናብ መደበራት ስደተኛታትን ከተማታትን ሱዳን ክውሕዙ ይርኣዩ ኣለዉ። እዚ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተሰዱ ሓደስቲ ስደተኛታትን ናብ ሃገሮም ከይተመልሱ ኣብ ሱዳን ዝጸንሑ ገዳይም ስደተኛታትን ዝውሰኽ ዘሎ ቍጽሪ ኢዩ።

ከም መርኣያ ናይ'ዚ ጸገም'ዚ፡ ተቐማጦ ናይ ገለገለ ዓድታት ብምሉኦም፡ ብቐትሪ፡ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ኤርትራ እናሰምዑን እናርኣዩን፡ ዓዶም ራሕሪሖም ንስደት ከምርሑ ተራእዮም። ሰበስልጣን ኤርትራ፡ ነዚ ማዕበል'ዚ ደው ከብሉ ከምዘይክእሉ ስለዝተረድኦም፡ እቲ ናይ መንነነት ወረቐትኩም ኣረክቡ ካብ ምባል ሓሊፎም ካልእ ክገብርዎ ዝኽኣሉ ኣይነበሮምን። 250 ዝኾኑ ስድራ ቤታት፡ ነቲ ኣብ ዓድ ሓምድ ደንባይ፡ ዝርከብ መደበር ሰራዊት ኤርትራ፡ ናይ መንነት ወረቐቶም እናረከቡ ናብ ሱዳን ኣትዮም ኣለዉ። በዚ ስደት'ዚ ዝተተንከፉ ዓድታት ድማ፡  ደሪሳ፡ ዓድሸኽ ጋልሁ፡ መጎሎ፡ ሳቡንያይ፡ ኣንቀሊት፡ ተበልድያን ገርገፍን ዝተባህላ መብዛሕታኦም ተቐማጦኦን ካብ ብሄረ ኵናማ ዝኾና ኢየን።

ፒተር ደክለርክ ዝተባህለ ወኪል ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ብሰንኪ'ቲ ዘሎ ድርቅን ናይ መግቢ ሕጽረትን ሓድሽ ዋሕዚ ናይ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ናብ ሱዳን ክህሉ'ዩ ዝብል ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ኪኢላታት ግምት ኣሎ ይብል። "እዚ ክፍለ-ዓመት'ዚ (season) ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ምብራቓዊ ሱዳንን ዝኸፍአ ከምዝኸውን

ብሩህ ምልክታት ኣሎ። እቲ ኾነታት ከመይ ክኸውን'ዩ ግን፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ገለ ኣዋርሕ ኢዩ ብልክዕ ክፍለጥ። ድርቂ እንተደኣ ኣጋጢሙ፡ ብዝሒ ናብ ሱዳን ዝውሕዙ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት "ብዓሰርተታት" ኣሽሓት ክኸውን ኢዩ" ኢሉ ከምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ። ካብ'ዘን ኣብ ላዕሊ ተዘርዚረን ዘለዋ ዓድታት ዝስደድ ዘሎ ህዝቢ ድማ፡ እቲ ትንቢት ናይ ወኪል ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሓቂ ምዃኑ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።